ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራውያን
ንድሕነት ሃገር

إتحاد الحركة الإرترية
لإنقاذ الوطن

Eritrean Solidarity Movement for National Salvation

**<u>መግለጺ መሪር ሓዘን</u>**




ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር፣ ብሞት ክቡር ሓርበኛ ኣምባሳደር ኣድሓኖም ገብረማርያም ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን ንገልጽ።

ሞት ክቡር ሓርበኛ ኣምባሳደር ኣድሓኖም ዓቢ ክሳራ ንህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ንደለይቲ ፍትሒ ኤርትራውያን ኢዩ፣ ኣምባሳደር ኣድሓኖም ካብቶም ውሑዳት ኣርካናት ገድሊ ንህዝቢ ኤርትራ ዕድመ ንእስነቱ ብምልኣት ዘወፈየ፣ ኩሉ ዓይነት ሽርሕታት በዲሁ ኤርትራ ከም ሃገር ፣ ብሕግን ፍትሕን ክትመሓደር ፣ ኣብ ጎደና ዕብየትን ስልጣነን ክትጎዓዝ ብዘይምሕላል ዝጸዓተ ክቡር ተቓላሳይ ኢዩ ኔሩ። ሃገር ልዕሊ ኩሉ፣ ህዝቢ ከኣ ክቡርን ሕፉርን ኢዩ ዝብል ተሪር መትከላዊ እምነት ዝውንን ብዓል ዓቢ ራኢ ሞራላዊ ሰብእነቱ ዘይጎደለ ክቡር ኣቦ ኢዩ ።

ኣምባሳደር ኣድሓኖም ንኣስታት 49 ዓመታት ብዘይዕረፍቲ ምእንቲ ህዝቡን ሃገሩን ክቃለስ ዝጸንሐ ናይ ታሪኽ ሰንድ ኣብ ልዕሊ ምኳኑ ኣብ ልቢ ብዙሓት ዘይሃስስ ኣሰር ጽንዓትን ተወፋይነት ዝገደፈ ሓርበኛ ኢዩ።

ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር ተኻፈልቲ ናይዚ መሪር ሓዘን ምኳና እናገለጽና፣ ንኣምባሳደር መንግስተ ሰማይ የዋርሶ፣ ንስድርኡን መቓልስቱን ብጾቱን ንኹሉ ደምበ ፍትሒን ጽንዓት ይሃብ ንብል።

21/02/2021